## ምልክታትን ምልክታት ሕማምን

### ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን፦

- ኣካላዊ ረስኒ
- ከቢድ ቃንዛ ርእሲ
- ተምላስ
- ድርቀት ክሳድ
- ጽልኣት ደሚቕ ብርሃን
- ዕንፋሩር
- ምህትፍታፍ፡ ምዕዋጅ
- ከቢድ ትኽስታ፡ ውኖ ምጥፋእ
- ምንፍርፋር

### ምምራዝ ደም፦

- ኣካላዊ ረስንን ቀብቀብታን
- ተምላስ
- ከቢድ ቃንዛ ቅርጥማትን ኣብ መሓውራትን መላግቦታትን
- ኣዝዩ ዝሑል ኣእዳውን ጉንቦ ኣእጋርን
- ዝቓሕተወን ሓበጀረዋይን ሕብሪ ቈርበት
- ህዉኽ ኣተናፍሳ
- ተቐማጥን ቅርጸትን
- ቀይሕ ወይ ናብ ሊላ ዝኸደ ሕብሪ ዘለዎ `ሕብሪ ዝቐየረ` ወይ ሕብሪ በሰላ ዘለዎ ዕንፋሩር፡ እሞ ድማ ሕብሩ ጸቒጥካዮ ዘይሃስስ – ነዚ ኣብ ዝባን ናይ`ዚ ቈጽሊ ወረቐት ተጠቒሱ ዘሎ `ናይ ጥርሙስ መርመራ` ነተግብሮ። ጸሊም ሕብሪ ኣብ ዘለዎም ሰባት፡ እዞም ኣብ ቈርበት ዝወጹ ነጠብጣባት ምንጹር ምእንቲ ክረኣዩ፡ ቈርበት ሽፋን ዓይኒ ገምጢልና ወይ ኣብ ትንሓግ ንተዓዘብ
- ናይ ምስጓም ወይ ናይ ደው ምባል ጸገም
- ከቢድ ትኽስታ፡ ውኖ ምጥፋእ

**ነፍሲወከፍ ዝጥቃዕ ሰብ ብሙሉኦም እዞም ምልክታት ሕማም ይረኣይዎ ማለት ኣይኮነን – ብዝተፈላለየ መልክዕ ክኽሰቱ ስለዝኽእሉ፡ ነዞም ክልተ ሕማማት ክንፈላልዎም ክሳብ እንሽገር ምድንጋር ከሰዕቡልና ዝከኣል እዩ። ንሕና ንኹን ፈተውትና ዘሰክፉ ምልክታት ሕማም ምስዝረኣዩና ወይ ቅልጡፍን እናበኣሰ ዝኸይድን ጸገም ጥዕና ምስእንዕዘብ፡ ተቓላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ኣገዳሲ እዩ።**

**ኣባላት ሰድራ-ቤትናን ፈተውትናን ኣብ ሓድሕዶም ምኽትታል ከምዝገብሩ፣ ከምኡ`ውን እንተዘይጥዒና ብቐረባ ክከታተለና ዝኽእል ሰብ ብዛዕባ ኵነታትና ከምዝፈልጥ ንግበር። ከም`ዚ ምግባር ካብ ሞት ዘድሕን ክኸውን ይኽእል እዩ!**

### ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዝርከቡ ኣካላት ተወከሱ፦

**ውድብ ሰነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን (Meningitis Research Foundation)**
ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ 0808 80 03 344
**www.meningitis.org**

**ትካል መኒንጃይቲስ ናው (Meningitis Now)**
ን 24 ሰዓታት ዝሰርሕ መስመር ተሌፎን ሓገዝ
0808 80 10 388
**www.meningitisnow.org**

**ጠቓሚ ሓበሬታ ዝርከቦም መኽፈቲ መሰመራት ናይ መርበብ ሓበሬታ፦**

- www.nhs.uk/conditions/meningitis
- www.nhs.uk/vaccinations
- www.nhs.uk/conditions/vaccinations/men-acwy-vaccine

UK Health Security Agency

NHS

© Crown copyright 2023
Product code IM23DISL1TI Tigrinya. 1P 30k AUG 2023 (APS).
UK Health Security Agency gateway number: 2023-386


እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብመልክዕ ብረይል፡ ተነባቢ ጽሑፍ/Easy Read፡ እተፋኾሰ ጽሑፍ፡ ድምጺ፡ ከምኡ`ውን ኣካላዊ ምልክት ዓዲ-እንግሊዝ ዝሓዘ ተንቃሳቓሲ ስእሊ - ናብ 28 ቋንቋታት ተተርጒሙ - ተዳልዩ ይርከብ። ሎሚ ቅዳሓት ንኽትእዝዙ፡ ብኽብረትኩም ናብ **www.healthpublications.gov.uk** እተዉ ወይ ብቝጽሪ ተሌፎን 0300 123 1002 ደውሉ።

UK Health Security Agency

NHS

# ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን፡ ከምኡ`ውን ምምራዝ ደም

## ነዞም ምልክታት ዕሽሽ ኣይንበሎም




**immunisation**
the safest way to protect your health

## ንጠንቀቕ፤ ድሉዋት ድማ ንኹን

ብባክተርያ መኒንጎኮካል/Meningococcal ዝሰዕብ ሕማም መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ይኹን) ከምኡ`ውን ሕማም ሰፕቲሰሚያ (ምምራዝ ደም)፡ ሳሕቲ ዘጋጥሙን ከበድትን ሕማማት ኰይኖም፡ ሞት ከስዕቡ ወይ ኣብ ሰባት ነባሪ ስንክልና ድዩስ ሕዱር ጥዕናዊ ጸገም ክሓድጉ ዝኽእሉ እዮም። ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ይኹን ምምራዝ ደም፡ ምዝባዕ ሰዓተ-ምክልኻል-ሕማማት ናይ ኣካላት ናብ ዝጠንቁ ቍጥዐ ከምርሕ ይኽእል።

**ኣብ ዕድመ ኵትትና ዝርከቡ መንእሰያትን ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲን ብዝያዳ ናብ`ዚ እተቓልዑ እዮ**። ይኹን እምበር ናጻ ክታበት MenACWY ብምውሳድ፡ ካብ ኣርባዕተ ዓይነት ባክተርያ መኒንጎኮካል-ዝጠንቆም ሕማማት ውሕስነት ክንረክብ ንኽእል ኢና።

## ክታበት MenACWY ብምውሳድ ውሕስነትንርከብ

መብዛሕትኦም ኰተትየታት ከምኡ`ውን ካብ መስከረም 1996 ንዳሓር እተወልዱ ነኣሽቱ መንእሰያትን ናይ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ኣብ ትምህርቲ ክሳብ ዝሃለዉ ክታበት MenACWY ክወሃቦም እዩ። መበል 25 ዓመት ልደቶም ክሳብ ዝመልኡ እውን ክታበት ንምውሳድ ተቐባልነት ክህልዎም እዩ። ንመጀመርታ ግዜኦም ናብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ዓዲ-እንግሊዝ ዝኣትዉ እሞ ኣቐዲሞም ክታበት MenACWY ዘይወሰዱ - ካብ ካልእ ሃገር ዝመጹ ተማሃሮ እውን መበል 25 ዓመት ልደቶም ክሳብ ዝመልኡ ክታበት ንምውሳድ ተቐባልነት ክህልዎም እዩ። ምስ ሓደ ካብ`ዞም ጕጅለታት እትምደቡ ክንሰኹም ክሳብ ሕጂ ነዚ ክታበት እዚ እንተዘይወሲድኩሞ፡ ሕጂ ኣብ`ቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ቈጸራ ሓዙ። ብዛዕባ`ዚ ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም፡ ምስ`ቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ተዛራረቡሉ።

ክታበት MenACWY፡ ብባክተርያ መኒንጎኮካል/Meningococcal ዝሰዕብ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ`ውን ጅራት ባክተርያ MenA፡ MenC፡ MenWን MenYን ዝጠንቆም ተርእዮታት ምምራዝ ደም ኣብ ምክልኻል ኣዝዩ ውጽኢታዊ እዩ።

ይኹን እምበር እዚ **ክታበት እዚ ንኹላቶም ዓይነት ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ`ውን ምምራዝ ደም ክከላኸል ከምዘይክእል**ኣይንረሰዕ። ስለዚ ብዛዕባ እዞም ምልክታትን ምልክታት ሕማምን ኣፍልጦ ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ኵነታት ጥዕና ናይ ዝኾነ ይኹን ዘይጠዓየ ሰብ ንፈትሽ፤ ንህይወት ሰብ ካብ ኣፍ-ሞት ከነውጽእ ተኽእሎ ኣሎ።**

**ንምልክታትን ምልክታት ሕማምን ናይ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ`ውን ምምራዝ ደም ንፍለጦም**





### `ናይ ጥርሙስ መርመራ`

ንዕንፋሩር ናይ ኣካላትና ብጐድኒ ናይ ጥርሙስ ጸቒጥና ንሓዞ እሞ፡ ምህሳሱን ዘይምህሳሱን ንተዓዘብ። እንተዘይሃሲሱ ተቓላጢፍና ንተሓከም። ዕንፋሩር ሃሲሱ ተራእዩና ወይ ጠፊኡ ክነሱ ኣዚና እንተሓሚምና እውን ሕክምናዊ ሓገዝ እንተተገብረልና ዝጽላእ ኣይኰነን።

## እዞም ምልክታትን ምልክታት ሕማምን ከመይ ዝኣመስሉ እዮም?

ብዙሓት ካብ`ቶም ኣብ ፈለማ ዝረኣዩ ምልክታት፣ ማለት ተምላስ፡ ኣካላዊ ረስኒ፡ ቃንዛታት፡ ሓፈሻዊ ድኻምን ቃንዛ ርእስን፣ እንተላይ ምልክታት ናይ`ቶም ከም ሰዓልን ኢንፍሉዌንዛን ዝኣመስሉ ብዙሕ ኣሰከፍቲ ዘይኰኑ ሕማማት እዮም። ይኹን`ምበር፡ ብነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ`ውን ብምምራዝ ደም እተጠቕዐ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት እዩ ብጽኑዕ ዝሓምም።

በዚ ምኽንያት እዚ እዩ – ኵነታት ጥዕና ናይ እተጸልኦ ሰብ ምፍታሽ ኣገዳሲ ዝኸውን፤ ማለት እቲ ኵነታት ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን እናተጋደደ ይኸይድ ምህላዉን ዘይምህላዉን ምፍላጥ፡ ከምኡ`ውን ምልክታትን ምልክታት ሕማምን ምፍታሽ። ብዛዕባ ኵነታት ጥዕናና ይኹን ብዛዕባ ኵነታት ጥዕና ናይ ካልኦት ሰባት ስክፍታ እንተተሰሚዑና፡ ሕክምናዊ ሓገዝ ነናዲ።

ተርእዮ ዛሕሊ ኣእዳውን ጕንቦታት እግርን፡ ከቢድ ቃንዛ መሓውራት ድዩስ ዝቓሕተወን ሕብሪ በሰላ ዘለዎን ቈርበት ከይህሉ ምፍታሽ እውን ኣገዳሲ እዩ፤ ምኽንያቱ እዞም ምልክታት እዚኣቶም ኣብ ምጅማር ናይ ሕማም እዮም ዝገሃዱ። ከም ዘይሃሰሰ ዕንፋሩር (ነዚ ኣብ ዝባን ናይ`ዚ ቈጽሊ ወረቐት ተጠቒሱ ዘሎ `ናይ ጥርሙስ መርመራ` ነተግብሮ)፡ ምህትፍታፍ ወይ ምዕዋጅ፡ ከምኡ`ውን ብዕዛዘ ወይ ናይ ምብርባር ጸገም ዝኣመስሉ ምልክታት ሕማም ኣዝዮም ሓደገኛታት እዮም።

## ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ብኸመይ ይላባዕ።

እቲ ጠንቂ ናይ`ቶም ዝተፋላለዩ መልክዓት ናይ`ዚ ሕማም ዝኾነ ባክተርያ፡ ብናይ ቀረባን ነዊሕ እዋን ዝወሰደን ምትንኻፍ እዩ ዝላባዕ። መብዛሕትኡ እዋን ብውልቂ ዘጋጥም እኳ እንተኾነ፡ ተርእዮታት ለብዒ እውን ሳሕቲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ድዩስ ኣብ ካልኦት ከም ኣዳራሻት ዩኒቨርሲቲታት ዝኣመስሉ ሰባት ብሓባር ዝነብሩሎም ቦታታት የጋጥሙ እዮም።

**ኣብ`ቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ክታበት MenACWY ውሰዱ። ኣብ ገለ ከባቢታት ከኣ ኣብ ፋርማሲ ዝርከብ ክኸውን ይኽእል እዩ።**